# ጋዜጣዊ መግለጺ

ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን ኣብ ትሕቲ ጽላል ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ-ኤርትራ ኣብ ፍራንክፈርት ብምዃን ንዕለት 20/08/2022 ኣብ ጊሰን ኣደራሽ ኤግዚቢሽን ባህላዊ መደብ ንምክያድ ወዲቡ። ውዕል ክራይ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ምምሕዳር ኣደራሽ ኤክስፖ (ኣደራሽ ሀሰን ሃለ 11,35398 ጊሰን) ፈጺሙ።

ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ኣብ ዝተፈላለዩ ማዕከናት ዜና፡ ፈስቲቫል ኤርትራ ንዓመታት ኣብ ክካየደሉ ዝጸንሐ ኣደራሽ ዝተመደበ ባህላዊ ምርኢት ብምዃኑ፡ ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ጀርመን ተባሂሉ ክጥቀስ ቀንዩ። እዚ ቅኑዕ ኣገላልጻ ኣይኮነን። ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ጀርመን 2022 ፡ ጽምብል ብሩራዊ ኢዩበልዩ ተወሲኽዎ ካብ ዕለት 9-10 ሓምለ 2022 ብዘይ ዝኾነ ተጻብኦ ብኣዝዩ ዉዕዉዕ መንፈስ ተኻየዱ ኢዩ። ብኣንጻር ናይ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ግዜ ፈስቲቫል ዝተካየደ ይኹን ዝተመዝገበ ነዚ መደብ ዝጻረር ካልእ መደብ ኣይነበረን።

ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን ንዕለት 20/08/2022 ዝመደቦ ባህላዊ መደብ ንምካይድ ብዝምልከቶም ኣካላት ክቖጽሮም ዝተሓበሮ ኣኽበርቲ ጸጥታ ኣማሊኡ ኢዩ።

ብዓርቢ 18/08/2022 ኣብ 8ይ ምምሕዳራዊ መጋብኣያ/ጩንፈር ቤት ፍርዲ ጊሰን፡ እዚ መደብ ደው ንምባል ዝሓትት ብሽውዓት ዝተፈላለያ ውድባት ዝቐረበሉ ክሲ፡ ንይየካየድ ዝእግድ ዝኾነ ሕጋዊ መርትዖ ስለዘይረከበሉ ውዱቕ ጌርዎ። ይኹን እምበር ነዚ ባህላዊ መደብ ዝቃወም ሰለማዊ ሰልፊ ዝመደቡ ሰባት በቲ ባህላዊ መደብ ክካየድ ዝወሰነ በዓል ስልጣን ተቐባልነት ስለዝረኸበ ንዕለት 20/08/22 ክካየድ ተመዝጊቡ።

ባህላዊ መደብ ዝጅመረሉ ሰዓት 9፡00 ድ/ቀ ብምዃኑ ተሳተፍቲ ዝኣትዉሉ ሰዓት 6፡00 ድ/ቀ ኢዩ ተመዲቡ ነይሩ። ካብ ሰዓት 9፡00 ቅ/ቀ ጀሚሮም ኣወሃሃድቲ ናይዚ መደብ ዝርከብዎም ውሑዳት ሰባት ኣዳራሽ ንምሽላምን፡ መሳርሒታት ሙዚቃ ንምውህሃድን ኣብ ኣዝዩ ጽዑቕ ስራሕ ነይሮም። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ነዚ መደብ ንምቅዋም ብሕቡእ ተወዲቦም ዝጸንሑ ካብ መስርዕ እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ዝበሃል ብመደብ ዝተፈንጨሉ ካልኦት ተወሰኽቲ ግብረ-ጻይቅታት ኣብ ከባቢ ባህላዊ መደብ ዝካየደሉ ኣደራሽ ብሃንደበት ነቲ መካበበያ ናይቲ ኣዳራሽ ዘሊሎም ብምእታው ብኣእማን፡ ሓጺን ፡ በትርን ካራን ፡ ኣብዞም ኣብ ስራሕ ንዝነበሩ ሰባት ሓደጋ ኣውሪዶም።

ብድሕሪት ናይ ኣድራሽ ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት ውሑዳት ኣቐዲሞም ዝመጹ ንዝነበሩ ዓበይቲ ወለዲ ኣብ ኣዳራሽ ከይበጽሑ ሓደጋ ኣውሪዶሙሎም። እዚ ወደብቲ ናይቲ ሰለፊ ኣቐዲሞም ዘወሃሃድዎ ምኚኑ ርዱእ ኮይኑ ብገብን ዘሕትት ኢዩ።

ኣብዚ ግዜ ኣብ ኣፍደገ ናይ ኣዳራሽ ኣብ ሓለዋ ዝነበሩ ውሑዳት ፖሊስ ነይሮም። ኣቐዲሞም ከም ዝሓበሩና ግን - ወላ'ኳ ብወገን ወደብቲ ሰላማዊ ሰልፊ ዝተወሃበ ቁጽሪ ኣዝዩ ዝተጋነነን ሓሶትን እንተኾነ - ኣብቲ ስለማዊ ሰልፊ ዝሳተፉ ሰባት ኣስታት 1000 ከም ዝበጽሕ ተሓቢሮም ኢዮም። እቶም ውሑዳት ኣብ ኣፍደገ መእተዊ ዝነበሩ ፖሊስ፡ ነዞም ብሓጹር ዘሊሎም ዝኣትዉ ዝነበሩ ሽበራውያን ንምክልኻል ዝገበርዎ ዝኾነ ይኹን ፈተነ ኣይነበረን።

ኣብ መወዳእቱ'ውን ወዳቢት ሽማግለ ብዘይትፈልጦ፡ ወግዓዊ ብዘይኮነ ኣገባብ እኹል ዓቕሚ ፖሊስ ስለዘይብልና ብዝብል ምኽንያት እዚ መደብ ኣይካየድን ኢዩ ዝብል ውሳነ ከምዝወሰዱ ንወደብቲ ሓቢሮም።

ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን፡ ፖሊስ ብዝወሰድዎ ውሳነ ንገበነኛታት ዘተባብዕ ንኣኽበርቲ ሕጊ ከኣ ዝቐጽዕ ብምኳኑ ቅሬትኡ ይገልጽ። ብመሰረቱ ዕላማ እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ባህላዊ መደብ ከይካየድ ዘቐርበዎ ኩሉ ዓይነት ክሲ ሕጋዊ ተቐባልነት ምስስኣነ፡ ብጎነጽ  ብሕጊ ንዝተፈቕደ ባህላዊ መደብ ከምዘይካየድ ንምግባር ዝዓለመ ብምኳኑ ኣብ ቀጻሊውን ከምዚ ዓይነት  ገበናውን ሽበራውን ስራሕ ንምስራሕ ቀጠልያ መብራህቲ ዝውልዕ ኢዩ። ስለዚ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን፡ ኣብዚ ሽበራውን ገበናውን ተግባራት ዝተሳተፉ፡ ዝወደቡ፡ ኣብ ልዕሊ ሰብን ንብረትን ጉዳት ዘውረዱ ኣብ ሕጊ ቀሪቦም ፍርዶም ክቕበሉ ትጽውዕ!! ገበናውን ሽበራውን ተግባራትን ግህሰት መሰል ሰለማውያን ሰባት  ብፍጹም ዝጽወር ስለዘይኮነ!

ብርክት ዝበሉ ሰባት ፈኲስን ከቢድን መጉዳኣት በጺሒዎም ኣሎ። ዝበዝሑ ኣባላት ወዳቢት ኮሚተን ኣብ ተክኒክ ስራሕ ዝነበሩን ኣቐዲሞም ኣብቲ ባህላዊ መደብ ንምስታፍ ዝመጹ ዓበይቲ ወለድን ኢዮም።  እዚ ብጭቡጥ ዝተወሰደ ኣሳልን ቪዲዮታትን ዝተሰነደ ፍጻመ ኢዩ።

ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን፡ዝኾነ ዓይነት ጎነጻዊ መጥቃዕቲ ፈጺሙ ደው ክብል እናተሓሳሰበ ፡ ኩሎም ኣብዚ ፍጻመ፡ ሓደጋ ዝወረዶም ክሲ ክምስርቱን ኣብቲ ቦታ ፍጻመ ዝነበሩ ናይ ዓይኒ መሰኻኽርን ካልኦት ገበነኛታት ኣብ ሕጊ ንምቕራብ ዝሕግዝ  ሓበሬታ ዘለዎም ዜጋታት ን ዝምልከቶ ኣካል ክሕብሩን ፡ ፖሊስ ኣብ ዝገብርዎ መርመራ ክትሓባብሩን ይጽውዕ።

ኣብ መደምደምታ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን ካብኡ ዝሕተት  ምትሕብባር  ክገብር ቅርቡነቱ እናገለጸ፡ ዝምልከቶ ሕጋዊ ኣካል  ኣብዚ ገበን ዝተሳተፉ፡ ዝወደቡ፡ ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኖም ገበን ክፍጸም ዝወሃሃዱን፡ ግብእ

ፍርዶም ክህቦም  ሽማግለ በዓላት ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን ብዓቕልን ትዕግስትን ክከታተሎ ምዃኑ ይሕብር።

ዓወት ንሓፋሽ!!

ጊሰን 21/08/2022

ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን